# መዘክር ቁጽሪ 1

28 ሚያዝያ 2023

## <u>መባእታዊ መትከላት ቃልሲ ሃገራዊ ሰልፊ</u>

ሽሕ`ኳ ንዝሓለፉ ኣስታት 30 ዓመታት፡ ቃልሲ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግደፍን ንሱ ዝፈጠሮም ግጉያት ስነ-ሓሳባትን ልምድታትን ክሰላሰሉ እንተጸንሑ፡ ውጺኢቶም ግን ኣተባባዒ ኣይነበረን። ከም ውጺኢቱ ኸኣ "ስርዓት ህግደፍ ብኸመይ መንገዲ`ዩ ክሰዓር ዘለዎ" ዝብል ሕቶ፡ ክሳብ ሕጂ ግቡእ መልሲ ከይረኸበ ዝጸነሐ ሕቶ ኰይኑ ኣሎ። እዚ ሕቶ እዚ መሰረታዊ ሕቶ ኰይኑ፡ ግቡእ ዝኾነ መልሲ ከይተረኸበ፡ ቃልሲ ደምበ ደለይቲ ፍትሒ ክውደን ኣይክእልን እዩ። እቶም ክሳብ ሕጂ ኣብ ደምበ ደለይቲ ፍትሒ ዝተራእዩ ዓበይቲ ውዳቤታት፡ ንጹር ፖለቲካዊ ራኢ ዝጎድሎም፡ ንኤርትራዊ ስነ-ልቦና ብኸፊል ዝጠሓሱን ንሜላታት ጥፍኣት እቲ ዝቃለስዎ ዘለዉ ስርዓት'ውን ብምልኣት ዘይተገንዘቡን`ዮም። ከም ውጺኢቱ ኸኣ፡ ክሳብ ሕጂ፡ እዚ `ዩ ተባሂሉ ክጥቀስ ዝኽእል፡ ንኣቓልቦ ኣብዝሓ ኤርትራዊ ብምስላብ፡ መጻኢ ዘውሕስ ፖለቲካዊ ተስፋ ክፈጥር ኣይከኣለን። እቲ ንሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ዝምልስ ቅኑዕ ናይ ቃልሲ ከይዲ ስፍርሑ ክሳብ ዘይሓዘ ከኣ ጌና ካልኦት ብዙሓት ንቕሎታት ክትንስኡን ክወድቁን ባህርያዊ እዩ። እቲ ሕቶ እምበኣር፡ "ካብ ከምዚ ናይ ቃልሲ ሸንኮለል ብኸመይ ኢና ክንወጽእ?" ዝብል እዩ።

ቃልስን ሜላታት ቃልስን ፈጠራ እዮም። ብኣብ ሓደ ዝተዋህበ ግዜ ዘለዉ ወድዓውያን ሓቅታት ከኣ ዝያዳ ይጽለዉ። ቃልሲ ኤርትራውያን ውን ካብዚ ኣድማሳዊ ሓቂ ክርሕቕ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ እቶም ናብ ዓወት ዝመርሑና ንጹራት ናይ ቃልሲ መባእታዊ መትከላት ኣለዉ፡ ሃገራዊ ንቕሎ ንምብግጋስ ኣብ እንህቅነሉ ዘለና ግዜ፡ ኣብዚ እዋን ንዘሎ ህሉው ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ማለት ኩነታት እቲ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝቢ ከምኡ ውን ነቲ ምስ ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራ ቅርበት ዘለዎ ጂኦ-ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ፖለቲካ ኢትዮጵያን ሱዳንን ብዕቱቡነት ምንባብን ናይ መጻኢ ትምበያታት ምግባርን ከድሊ እዩ። ንረብሓታት ቃልስና ብትኽክል ብምልላይ ከኣ፡ ብዘዐዉቱና መንገዲ ክንጥቀመሉ ንቕሰብ። ነዚ ሓቂ እዚ መሰረት ብምግባር እምበኣር፡ ሃገራዊ ሰልፊ ነዞም ዝስዕቡ ድሒሮም ብዕምቈት ምዝርዛር ዘድልዮም ሓሙሽተ መባእታዊ መትከላት ቃልሲ ኣለልዩ ኣብ ቦኽሪ መዘክሩ ኣስፊርዎም ኣሎ።

1. ህዝቢ ኤርትራ፡ ተቓዋማይ ይኹን ደጋፊ ስርዓት ህግደፍ፡ ብሓፈሻ ግዳይ ኢዩ።
   ስርዓት ህግደፍ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ዘብረሰ ሓይሊ እዩ። ካብዚ ናይ ምልኪ ሓይሊ ኸኣ ብፉሉይ ዝረበሐ ዳርጋ የለን። ኣብቲ ንናይ ሓዋሩ እንገብሮ ቃልሲ ንፍትሒ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ከም ግዳይ ኢና እንሪኦ። ከም ውጺኢቱ ኸኣ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዘየድሊ ናይ ደጋፋይን ተቓዋማይን ደምበታት ከይተፈላለየን ከይተነፋፈገን፡ ኤርትራዊ መጻኢኡ ከውሕስ ብሓባር ክቃለስ ኣለዎ።

2. ናይ 1993 ረፈረንደምን ውጽኢቱን ናይቲ ድምጹ ዝሃበ ህዝቢ ድሌትን ብዘየወላውል ንቕበሎን ነኽብሮን።

ህዝቢ ኤርትራ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ንባዕዲ ካብ መሬቱ ብምውጻእ፡ በቲ ኣብ 1993 ዓ.ም ዓለም ዝተዓዘበቶን ዝመስከረትሉን ፍትሓዊ ረፈረንደም ኣቢሉ ዝሃቦ ድምጹ፡ ድልየቱ ናጽነት ምዃኑ ኣረጋጊጹን ልኡላዊት ሃገር ወኒኑን እዩ። ዝኾነ ነዚ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ሓይሊ ወይ ስነ-ሓሳብ ከኣ ብመሰረቱ ምስቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሎ ዋጋን ዝመረጾ ናይ ልኡላውነት ሕርያን፡ ብቐጥታ ስለ ዝራጸም፡ ሓደገኛን ተቐባልነት ዘይብሉን እዩ።

3. ብዘይካ`ቶም ሕጋዊ ፍርዲ ክረኽቡ ዘለዎም፡ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ሃንደስቲ ኣደራዕ ህዝቢ ኤርትራ፡እቲ ዝተረፈ ህዝቢ፡ ሕድገትን ምሕረትን ብምግብባር፡ ዋናን ዓያይን እቲ ዝጽበዮ ዘሎ ለውጢ ክኸውን ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ሕጂ ኣትዩዎ ዘሎ ዓዘቕቲ ምልኪ ብዉሑድ ክሳራ ምእንቲ ክወጽእን ዘላቒ ፍታሕ ምእንቲ ከረጋግጽን፡ ሕድገትን ምሕረትን ብምቕዳም፡ እቲ ዝመጽእ ዘይተርፍ ለውጢ፡ ንኣብዝሓ እቲ በቲ ምልካዊ ስርዓት ዝተቖረነ ኤርትራዊ ዜጋን መንግስታዊ መዋቕራቱን ዘካትት ኰይኑ፡ ውሁድ ስራሕ እቲ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ኤርትራዊ`ዩ ክኸውን ዘለዎ።

4. ብሸም ንኤርትራውያን ምሕጋዝ ዝብል፡ ዝኾነ ናይ ደገ ወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ናብ ኤርትራ ክኣቱ ኣይነፍቅድን።

ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ዘራያት ኣንጻር ዓበይቲ ሓይልታት ገጢሙ፡ ሃገር ዘውሓሰን ንታሪኹን ባህሉን ዝመስል ሃገራዊ ስነ-ልቦና ዝሃነጸን ህዝቢ እዩ። እዚ ሓደ ካብቶም መሰረት እቲ ወኒንዎ ዘሎ ኤርትራዊ ሃገራውነት'ውን እዩ። ናይ ደገ ሓይሊ ንኤርትራዊ ሕቶ ክፈትሕ ናብ ኤርትራ ክኣቱ ምዕዳም፡ ምስዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሓቂ ዝጻረርን ብቐጥታ ንልኡላውነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ዘየድልን ዘይርጉጽን ሳዕቤን ከኸትል ዝኽእልን እዩ።

5. ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝተመስረሑን ብሓይልታተን ዝጽሎ ናይ ለውጢ ፖለቲካ ኣብዚ ግዜ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣየድልዮን ኢልና ንኣምን።

ንሕሉፍ ጽልዋ ፖለቲካ ጐረባብቲ (ብፍላይ ኢትዮጵያ) ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ንህሉው ዝተዘናብዐን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ መርገጺታት ሓይልታተን ኣብ ጉዳይ ኤርትራን፡ ከምኡ`ውን ነቲ ጌና ውጺኢቱ እንታይ ከም ዝኸዉን ንምግማቱ ዘሸግር፡ ዘይተረጋግአ፡ ንጹርነት ዘይብሉን፡ ዝተሓላለኸን ኣንጻራውን ፖለቲካዊ ሸኩሽኳ ከባቢና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ጐረባብትና ዝተመስረሑን ብሓይልታተን ዝጽሎን ናይ ለውጢ ፖለቲካ ኣብዚ ግዜ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣየድልዮን ኢልና ንኣምን።